# ቓልዕቲ መልእኽቲ ናብ ሓው ወልደእየሱስ ዓማር

## እብራሂም ገደም-ኣቡሓዮት

**23-11-2010**

ሓው ወልደእየሱስ ዓማር: ውድብኩም ብሰንኪ ዘይብቑዕን ዘይቅቡልን ምኽንያታት ኣብ ዋዕላ ንኸይሳተፍ ካብ ዝውሰን ኣትሒዙ: ክጽሕፈልካ እናበልኩ ክሓስብ ጸኒሐ'የ። ዝዓበየ ክፋል ናይ ተቓውሞ ኣብ ዋዕላ ክሳተፍ እንከሎ፣ ነቲ ዝነበረ ሽግር መፍትሒ ዝኾውን መንገዲታት ካብ ምንዳይ ሓሊፍኩም፣ ኣብ ዋዓላ ካብ ምስታፍ ምሕሳምኩም ኣዝዩ ዘሰቆርቊር እዩ። ምኽንያቱ፣ ብዘለኒ ሓበሬታ መሰረት፣ ምስ ምድላውን ዋዕላ ዝጋባኣሉ ግዜን ዝተተሓሓዘ ዕቃቤታት ከም ዝነበረኩም እምበር፣ ኣንጻር ኣድላይነት ምክያድን ዋዕላ ከም ዘይነበርኩም እዩ። ኣብዚ ክኽሕዶ ዘይደሊ ሓቂ ድማ፣ ንጉዳይ ዋዕላ ብዝምልከት ኣብ ምስንዳእ ይኹን ምምራጽ ተሳተፍትን ጸገማት ከም ዝነበረን፣ እቲ ምግባእ ድማ፣ ሃታሃታ ዝተሓወሶ ይመስል ምንባሩ እዩ። ይኹን እምበር፣ ነዚ ዘገራጩ ወይ ዘየሰማምዕ ነበረ ጉዳያት'ዚ ውን ብህዱእ ልዝብ ክፍታሕ መተኻእለ'ዩ። በሰንኪ እቲ ኣብ መንጎ ውድባት ኪዳን ዓሲሉ ዝርከብ ሕድሕድ ዘይምትእምማን ግን እዚ ጉዳይ መዕለቢ ፍታሕ ክረክብ ኣይከኣለን። ምስ ኩሉ ዕቃቤታትኩም ኣብቲ ዋዓላ ተሳቲፍኩም እንተትኾኑ ድማ፣ ብተሳተፍቲ ልዑል መጎስን ኣድናቖትን ምረኸብኩም። ካብኡ ሓሊፉ ውን እዚ ስጉምቲ'ዚ ከም ቀዳማይ ትምህርታዊ ምዕራፍ ኣብ ጎደና ደሞክራሲ ምኾነ። ብኣንጻሩን እቲ ዘሕዝንን ግን፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መንገዲ ገዲፍኩም፣ ተጻራሪ ኣንፈት ብምሓዝ፣ ኣብ ክንዲ ምስ ብጾትኩም ኮይንኩም እትቃለሱ፣ ክትሃድሙን ክትንጸሉን ምምራጽኩም'ዩ።

ሓው ወልደእየሱስ፣ ጸገምኩም ካብ ግጉይ ኣረዳድኣኹም'ዩ ዝምንጩ። እዚ ኸኣ፣ እቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ቃልዕ ንሕና ዝሓየልናን ዝዓበናን ውድብ ኢና እናበልኩም፣ ኣብ ልዕሊ እቶም መቓልስኹም ዝኾኑ ውድባት እተርእይዎ ትዕቢትን፣ ንነብስኹም ማዕረ ፍላስፋታት ጋሊልዮን ኮፐርኒከስን ትሰርዕዋ፣ ነቲ

ኻልእ ከኣ፣ ካብ ክንቲትን ሃመማን ዘይከብድ ጌርኩም ምውሳድኩም'ዩ። እዚ ኸኣ'ዩ፣ ሓቂ ክኸወለኩም ዝገበረ ነጥቢ። እቲ ክትበጽሕዎ ዘይከኣልኩም ሓቂ እምበኣር፣ እዚ ዝካየድ ዘሎ ቓልሲ ክንዮ ንህዝብና ካብ ስርዓት ህግደፍ ንምድሓን ዝኸይድ ከምዘይኮነ ዘይምፍላጥኩም እዩ። መን ይሓይሽ መን'ከ የተኣማምን ዝብል ሕቶ፣ ንህዝቢ ዝግደፍ እዩ።

ሓው ወልደእየሱስ፣ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ካብዚ ዘለናዮ መዋጥር መዋጽኦ ምእንቲ ክንረክብን፣ ነቲ ጉጅለ **'ንሕናን ዕላማናን'** ንቋንቋ፣ መሬት፣ ምክፍፋል ስልጣንን ጸጋታትን ብዝምልከት፣ ዝፈጠሮን ዝፈጥሮ ዘሎን ሽግራት ሓደገኛ ኣንፈት ምእንቲ ከይሕዝ ንምእላዩን፣ ኣብ መንጎ ህዝብናን ተቓወምቲ ውድባትን ንዘሎ ላሕሊሑ ዝርከብ ሕድሕድ ምትእምማን ብምምላስ፣ ንኹሉ ክፋል ህዝብና ዝሓቁፍ መሰረት ምእንቲ ክንሃንጽ፣ ኣገዳስነት ዘተ ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። እዚ ድማ፣ ሓደ ካብቲ ሰልፍኹም ቐዳምነት ሂቡ ዝነጥፈሉ መትከላዊ ዕላማታትኩም ምኳኑ ውን፣ ኣይስሕቶን እየ።

ሓው ወልደእየሱስ ዓማር፣ ኣብ ዋዕላ ካብ ምስታፍ ምሕሳምኩም፣ 40 ዓመታት ንድሕሪት ከይመለሰኒ ኣይተረፈን። 1971፣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ንመርሕነት ህዝባዊ ሓይልታትን ሰልፊ ናጽነትን ኣብ ጉባኤ ንኽሳተፉ ንምዕዳም ናብ ሰምሃር ኣብ ዝተንቀሳቀሰትሉ እዋን፣ ኣብ ዓዲ-ሹማ ምስ በጸሕና፣ ሓው መስፍን ሓጎስ ምሳና ክዛተን ርእይቶና ክሰምዕን ፍቓደኛ ከምዝይኮነ ክገልጽ እንከሎ፣ ሓው ስዉእ ተጋደላይ መሓመድ ዑስማን ዓፈሪ ግን ብኣንጻሩ: ካልእ ይትረፍ ብጽቡቕ ተቀቢሉ ጥዑም ዘረባ ኣስሚዕና። ድሕሪ ነዊሕ ሸንኮለል ከኣ፣ ምስ ኢሳያስ ተራኺብና። ኢሳያስ ነቲ ጉዳይ ምስ ኣካፈልናዮ፣ ከጽንዖ ምኳኑ ሓቢሩና ከብቕዕ፣ ከይጸንሐ: ኣብ ልዕሊ እቶም ናይ *ቅያዳ-ዓማ* ደገፍቲ እዮም፣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይውክሉን እዮም፣ ኢሉ ዝጠርጠሮም ተሳተፍቲ ጉባኤ ዝነብሮ ስክፍታታት እዉጅ ገበሮ። **እዚ ናትኩም ናይ ዋዕላ ምሕሳም ሎሚ፣ ነዚ ኣዘኪሩኒ።** ሓቀኛ መርገጺ ኢሳያስ ግን፣ ካብቶም ዝበሎም ተሳተፍቲ ጉባኤ ብዝሓደሮ ስክፍታ ዝተጸልወ ኣይነበረን፣ እንታይ ደኣ፣ ምስቲ ድሒሩ ብስውእ ተስፋሚካኤል ጆርጆ ዝተኸሸሐ ምስጢራትን፣ ኣብ መንጎ ኢሳያስ፣ ኣስራት ካሳን ማእከላይ መርበብ ስለላ ኣሜርካ ሲ.ኣይ.ኤን ብዝተበጽሐ ስምምዓትን፣ ሰውራ ኤርትራ ንኸይጉልብት

ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስትናን ፍልልያት ጸሕቲርካ ንሰውራ ምድኻሙን ዝዓለመ'ዩ ኔሩ። እዚ ሓደገኛ ናይ ምብትታን ሽርሒ'ዚ ክሳብ ዕለተ ሎሚ ኣብ ልዕሌና የዕነኒ ኣሎ። ንስኻ ውን ሓው ወልደእየሱስ ነዚ ታሪኽ'ዚ፣ ልዕሊ ሰብካ እትፈልጦ ሓቂ'ዩ።

ሓው ወልደእየሱስ ኣቐዲመ ከም ዘተንባህኩልካ፣ ክጽሕፈልካ ካብ ዝሓሰቦ ጸኒሒ'ዩ። ይኹን እምበር። እቲ ናይ መወዳእታ ወሲነ ክጽሕፈልካ ዝጀመርኩ፣ ንሸሞንተ ክፋላት ናይቲ ብኣለና ዝብል ናይ ብርዒ-ስም ዝወጽአ ዘሎ ጽሑፋት ድሕሪ ምንባበይ'የ ንኽጽሕፈልካ ተገዲደ። ጸሓፊ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ነቲ ኣብ ውድብኩም ካልኣይ ተጸዋዒ ዝኾነ ሓው መስፍን ሓጎስ፣ ኣብ ምቕንጻል ኣብራሂም ዓፋ ልዑል ኢድ ከም ዝነበሮ፣ ይገልጽ ኣሎ።

ሓው ወልደእየሱስ፣ ነቲ ቀንዲ ገበነኛ ዝኾነ ኢሰያስን መሻርኽቱን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብምህላዎም፣ ክንበጽሖም ህሉዊ ኩነታትና ዘፍቅዶ ኣይኮነን። ይኹን እምበር፣ ዕድለኛታት ጌሩና፣ ሓደ ካብኣቶም (መስፍን ሓጎስ) ግን፣ ኣብ መርሕነት ናይቲ ንፍትሕን ሓቅን ዝቃለስ ዘሎ ውድባት ኣሎ።

ኣነ ንመስፍን፣ **"ጥርጡር ክሳብ ገበኑ ዝረጋገጽ ንጹህ'ዩ"** ካብ ዝብል መትከል ነቒለ፣ ኣይጥርጥሮን'የ። ግን ነቲ ጉዳይ ብሸለልትነት ክንርእዮ የብልናን። ምኽንያቱ ትማሊ ምስጢር ውሑዳት ዝነበረ ነገራት፣ ሎሚ ዋኒን ናይ ኩሉ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ እምበኣር፣ ስቕ ኢልና ክንሰምዕ የብልናን። መስፍን እንትኾነ ውን እዚ ጉዳይ'ዚ ከም ዘይወዓሎ ከረጋግጽ ክኽእል ኣለዎ። ነዚ ሓቂ'ዚ ንህዝቢ ንምፍላጥ ድማ፣ ሓው ወልደእየሱስ ናትካ ሓላፍነት ምኺኑ ፈሊጥካ ኣድላዪ ስጉምታት ብኣጋ ክትወስድ ይግበኣካ። ንሕና ብወገና ነቲ ጉዳይ ናብ ኣህጉራዊ ትካላት መሰል ደቂ-ሰባት ኣህጉራዊ መጋባእያ ፍትሕን ምእንቲ ከነቕርቦ፣ ኩሉ ዘድሊ መርትዓታት ኣብ ምእካብ ክነጥፍ ኢና።

ሓው ወልደእየሱስ፣ ኣብ 1978 ድሕሪ ምንስሓብ ካብ ከተማ ከረን፣ ሻዕብያ ዝፈጸመቶ ካልእ ተመሳሳሊ፣ ምስ ፍጻሜ ዖና ዝዳረግ ገበን ውን ኣይትርስዖን ትኸውን። ምጭዋይ ዓበይቲ-ዓዲ...ተወልደ

በይን፣ ኢድሪስ መሓመድ ዓብደላ፣ ኣብርሃ፣ እንድርያስ ሰርገንቲ እምባየ፣ ሰርገንቲ ገብረህወት፣ ሓሰን ዓብዱ ሾኽ ዓሊ፣ ጀማል እድሪስ ራዳይ.....ሎሚ ሃለዋት ናይዚኦም ንመስፍን ሓጎስ እንሓተሉ ግዜ'ዩ።

ምስ ሰናይ ሰላምታ

እብራሂም መሓመድ ገደም